Hospice général

# ሓፈሻዊ ስእሊ LASLP

ካብ 01 ጥሪ 2025 ኣትሒዙ፡ ሕጊ ማሕበራዊ ድሕነትን ምምካት ድኽነትን (LASLP) ኣብ ተግባር ክውዕል'ዩ። እዚ ሕጊ እዚ፡ ኣብ ግዚያዊ ኣጸጋሚ ኵነታት ዝርከቡ ሰባት፡ ኣብ ማሕበራውን ሞያውን ውህደት ዘተኰረ ደገፍ ንኽረኽቡ ዘኽእል እዩ።

- ማሕበራዊ ድሕነት፡ መሰል ኰይኑ፡ ዕድል ተጠቃምነቱ ብመገዲ ኣዝዩ እተቓለለ ምሕደራዊ ቅድመ-ኵነታት እዩ ዝፋኾስ።
- እቲ ብመገዲ ትካል ሆስፒስ-ጀነራል (Hospice général) ዝወሃበ ማሕበራዊ ደገፍ፡ ኣብ ኣጠቓላሊ ገምጋም እተመርኰሰ ብምዃኑ፡ መሰረታውያን ጠለባትኩም (መንበሪ ገዛ፡ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ስልጠና፡ ዕድል ስራሕ ወዘተ) ንምምላእ ዝሕግዙ ውጥናት ኣብ ምርቃቕ ክዉንነት ኣለዎ።
- ንመንእሰያት፡ ስድራ-ቤታትን ህጻናትን ፍሉይ ደገፍ ይግበር'ዩ።

### ዝቐለለ መስርሕ ውህደት

ሰራሕተኛታት ትካል ሆስፒስ-ጀነራል፡ ኣብ'ቲ ዳግማይ ርእስኹም ንምኽኣል እትገብርዎ ጻዕሪ ይድግፉኹም፤ እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት'ውን ይምድቡልኩም፦

- ኣብ ምዕቃብን ምሕያልን ማሕበራዊ ዝምድናታት ዘተኰሩ ንጥፈታት፣
- ገምጋም ሞያዊ ክእለታትን ቅለሳ ሞያዊ ምዕባለን፣
- ሓጸርትን ነዋሕትን መደባት ስልጠና፣
- ሓደስቲ ሞያዊ ክእለታት ንኸተማዕብሉ ዝሕግዙኹም፡ ኣብ ትካላት ዝትግበሩ ናይ ስራሕ ልምምዳት።

### ምስ ዕድል ስራሕ ዝተኣሳሰሩ መተባብዒታት

ንዘጋጥመኩም ሞያዊ ዕድል ሙሉእ-ብሙሉእ ክትምዝምዝዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፤ ምኽንያቱ፡ ነቲ እትረኽብዎ ዕድል ስራሕ ንኽትዕቅብዎን ሓደስቲ ናይ ስራሕ ምትእስሳራት ንኸተማዕብሉን ከኽእለኩም'ዩ።
ዋላ ንውሱናት ሰዓታት ይኹን፡ ኣብ ስራሕ እንተተዋፈርኩም፡ ኣታዊ ስለዝረኸብኩም ገለ ክፋል ናይ'ቲ ዝወሃበኩም ክፍሊት ማሕበራዊ ሓገዝ ስለዘይቍረጽ፡ ወርሓዊ መጠን ኣታዊኹም ክብ ክብል'ዩ።

እቲ ፈለማ እትረኽብዎ 300 ፍራንክ ኣብ ጁባኹም ዝቕመጥ ክኸውን'ዩ። ኣብ ርእሲኡ፡ 15% ናይ ሚዛን ገንዘብ ደሞዝኩም ንዓኹም ክትወስድዎ ኢኹም።

### ድምራውያን ክፍሊታት ኣብ ምምሕዳር ገንዘብኩም ዝህቡኹም ናጽነት

እዞም ብመሰረት መሰረታውያን ጠለባትኩምን ቃሕታኹምን እተመሓድርዎም ድምራውያን ክፍሊታት፡ ወርሓዊ እዮም ዝወሃቡኹም።

- **መሰረታዊ ድምራዊ ክፍሊት፡** መሰረታውያን ጠለባትኩምን ስድራ-ቤታትኩምን (ወጻኢታት መግቢ፡ ክዳን፡ ተሌፎን፡ ኤሌክትሪክ፡ ምዝንጋዕ፡ መጓዓዝያን ካልእን)፣ ምሕደራዊ ወጻኢታትኩም፣ ከምኡ'ውን ምስ መስርሓት ማሕበራውን ሞያውን ውህደትኩም ዝተኣሳሰሩ ወጻኢታት ይሽፍን።
- **ናይ ህጻን ድምራዊ ክፍሊት፡** ምስ መሰረታውያን ጠለባት ህጻናት ደቅኹም ንዝተኣሳአሩ ፍሉያት ወጻኢታት (ትምህርታዊ ደገፍ፡ ንጥፈታት ምዝንጋዕ፡ መደረብታ ካሪክለማውያን ንጥፈታት ዝኾኑ ንጥፈታት ቤት-ትምህርቲ ወዘተ) ይሽፍን።

ከም ናይ ክራይ ገዛን ኣገልግሎት ክንክን ጥዕናን ንዝኣመሰሉ ካልኦት ወጻኢታት፡ ትካል ሆስፒስ-ጀነራል፡ ንድምራዊ መጠን ወጻኢታትኩምን ካልኦት ቅድመ-ኵነታትን ኣብ ግምት ብምእታው ይኸፍሎም።

### ምፍኳስ ምሕደራዊ ቅድመ-ኵነታት

እዚ ወርሓዊ ዝወሃበኩም ድምራዊ ክፍሊት፡ ብሓፈሻኡ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ኣዋርሕ እዩ ዝቕመር። ኣብ ኵነታትኩም ለውጢ ምስዝህሉ፡ ተቓላጢፍኩም ክትሕብሩና ይግባእ። ትካል ሆስፒስ-ጀነራል ብዛዕባ ምሕደራውን ገንዘባውን ሰነዳትኩም ብስሩዕ ኣይሓተኩምን'ዩ። እዚ ድማ ነፍሲ-ወከፍ ዝምልከቶ ሰብ ኣብ'ቲ ናይ ማሕበራውን ሞያውን ውህደት ውጥኑ ኣተኲሩ ንኽሰርሕ ዘኽእል እዩ።

*ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ laslp.hospicegeneral.ch እተዉ*

Mieux vivre ensemble à Genève
hospicegeneral.ch